**መምርሒ**

FINSPÅNG

# ብኢንተርነት ቊጠባዊ ረዲኤት ምምልካት

ቊጠባዊ ረዲኢት ብኢንተርነት ከመይ ገይርካ ከም ተመልክት

**1ይ ቅዳሕ፡ መጋቢት 2021 ብምኽንያት ምትእትታው ሓድሽ ኣመለኻኽታ ቊጠባዊ ረዲኤት፡እዚ ጽሑፍ ዳግመ ምሕየሻ ተገይሩሉ'ዩ።**

| | |
|---|---|
| ዕለተ ውሳነ: | 2021-03-31 |
| ሓላፊ: | ቀንዲ ተጠቃማይ ቊጠባዊ ረድኤት |

FINSPÅNG

# ትሕዝቶ

**1ይ ደረጃ – ነታ ኤ-ኣገልግሎት(ኢንተርነታዊ ኣገልግሎት) ጀምራ** 3
**2ይ ደረጃ – ብዛዕባ ኤ-ኣገልግሎት** 3
ፕሮፋይለይ – ሓበሬታኻን ብኸመይ ከም ንሕብረካ ምርጫኻን 4
**3ይ ደረጃ – ኣመልክት** 5
ምሳኻ ኮይኑ ዘመልክት ሰብ 7

FINSPÅNG

# 1ይ ደረጃ – ነታ ኤ-ኣገልግሎት ጀምራ


ነቲ ብኢንተርነት ዝግበር ምምልካት ቍጠባዊ ረዲኤት ኣብ'ታ ኤ-ኣገልግሎት ዘሎ ''Mina sidor'' ክትረኽቦ ትኽእል።ናብ minasidor.finspang.se/forsorjningsstod ምስ ትኸይድ ነታ ኤ-ኣገልግሎት ብቐጥታ ክትረኽባ ትኽእል።

ነታ ''Starta e-tjänsten'' ዝብል ተጻሒፍዋ ዘሎ ሓምላይ መጠወቒ ብምጥዋቕ ኤ-ኣገልግሎት ክትጅምራ ትኽእል።ድሕሪኡ ባንክ-ኣይዲ ወይ ፍሬያ ኤ-ኣይዲ ብምጥቃም ሎግ-ኢን ትገብር።





# 2ይ ደረጃ – ብዛዕባ'ታ ኤ-ኣገልግሎት

ነታ ''Starta e-tjänsten'' ትብል ምስ ጠወቕካ፡ናብ'ታ ከም'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ትመስል መጀመርያ ገጽ ናይ'ታ ኤ-ኣገልግሎት ትኣቱ፡




# ፕሮፋይለይ – ሓበሬታኻን ብኸመይ ከም ንሕብረካ ምርጫኻን

ድሕሪኡ ነቲ ኣብ ላዕሊ የማናይ ኲርናዕ ዘሎ ስምካ ጠውቆ።ከም ኣብነት፡ኣብ'ዚ ''Anna Andersson'' ዝብል ስም ተጻሒፉ ኣሎ።




ስምካ ምስ ጠወቕካ፡ሓድሽ ሜኑ(ምርጫታት) ክዝርገሓልካ እዩ።ነታ ''Min profil'' ትብል ጠውቃ።

ኣብ'ታ ''Min profil'' ገጽ ምስ ኣተኻ ብዛዕባኻ ተጻሒፉ ዘሎ ሓበሬታ ክትርእዮ ትኽእል።ነታ ''Ändra profil'' ትብል ኣብ ታሕቲ ዘላ ምስ ትጥውቓ፡ነቶም መሐበሪ መንገድታት ከም ተሌፎንካ ን/ወይ ኢሜልካ ክትቕይሮም ትኽእል።ኣይትረስዕ! ነዝገበርካዮም ለውጥታት ክዕቀቡ እንተ ኾይኖም ነታ ''spara'' ትብል ምጥዋቕ ከይድልይ እዩ።







# 3ይ ደረጃ – ኣመልክት

ዘጊት ቍጠባዊ ረዲኤት ትወስድ እንተኾይንካ፡ከም ብሓድሽ ንምምልካት ነታ ’Ny ansökan”




ጠውቃ።

ነታ ’Ny ansökan” ምስ ጠወቕካያ፡ሓበሬታኻ ዘተጻሕፎ ሓድሽ ሰነድ(ቅጥዒ) ይኽፈት።ሕጂ ነቲ ምምልካት ክትጅምሮ ትኽእል - ኲሉ ግዜ ዓመተ-ምህረትን ወርሕን ብምምራጽ ጀምሮ፡





ድሕሪኡ ነቶም ኣብ’ቲ ቅጥዒ ተሪፎም ዘለዉ ምልኣዮም።ኣብ ገሊኡ ቦታ መልሲ ትህቦ እንተ ዘይብልካ **ባዶ(ዜሮ)** ጸሓፈሉ።ገለ ከይመላእኻኡፕ ዝሓለፍካዮ ነገር እንተሎ ኣይከተቐጽለካን እያ። ቅድሚ ምቕጻልካ፡ነቲ ዘይመላእካዮ ግድን ክትመልኦ ኣለካ፡

| | Datum för inkomst | Belopp |
|---|---|---|
| Lön efter skatt | 2021-03-31 | 3333 |
| Bostadsbidrag | | 2222 |
| Barnbidrag | 2021-03-31 | 1111 |
| Underhållsstöd | 2021-03-31 | 0 |
| Aktivitetsstöd | | 0 |
| Aktivitetsersättning | | |

ኣብ ታሕቲ ኣብ'ቲ ገጽ ካብ መንገዝም ዝስዕቡ ምርጫታት ምረጽ፡


- **Avbryt** – ነቲ ተመልክቶ ዘለኻ ተርቋርጾ ኣለኻ።እቲ ዝመልኣኻዮ ኣይዕቀብን።
- **Spara** – እቲ ምምልካት ይዕቀብ ኣሎ።ጸኒሕኻ ነቲ ምምልካትካ ክትቕጽሎ ትኽእል።
- **Nästa** – ናብ'ታ ትስዕብ ደረጃ ቀጽል።




ነታ ’Nästa” ትብል ምስ ትጥውቓ፡እቶትካን ወጻኢታትካን ዘለዎ ብምልኡ እቲ ተመልክቶ ዘለኻ ቅጥዒ ክትሪኦ ትኽእል።

ኣብ ታሕቲ ኣብ 2ይ ገጽ ነታ ሃንድሌጋረካ(ጉዳይካ ተካይዶ ሰብ) ገለ ሰነድ ክትልእኸላ እንተ ደሊኻ፡ነታ **lägga till filer** ትብል ትጥውቓ።

ነቲ መመልከቲ ቅድሚ ምልኣኽካ፡መሰላትካን ጉቡኣትካን ከም ተረደኣካን እቲ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ኲሉ ቁኑዕ ምኻኑ ንምርግጋጽ **ነተን ሰለስተ ሳጹናት ምልክት ትገብረለን።**ድሕሪኡ ነቲ ዘመልከትካዮ ንምልኣኽ ነታ ’Skicka in” ትብል ትጥውቓ።





እቲ ዘመልከትካዮ ምስ ተቐበልናዮ ከምዚ ዝመስል ትርኢ፡




እዛ ጸላም-ሰመያዊት ጋድም ሕንጻጽ፡ቅድሚ ሕጂ ዘመልከትካዮን እታ ሃንድሌጋረኻ(ጉዳይካ ተካይዶ ሰብ) ውሳነ ዝሃበትሎምን እዮም።

# ምሳኻ ኮይኑ ዘመልክት ሰብ

ምሳኻ ኮይኑ ዘመልክት ሰብ እንተሎ፡ኣብ ኤ-ኣገልግሎት ዘሎ ’Mina sidor” ዝብል ሎግ-ኢን ገይሮም ነቲ መመልከቲ ከጽድቅዎ(ከም ተቐበልዎ ፍቶቶም ክገልጹ) ኣለዎም።እቲ ሓቢሩ ዘመልክት ዘሎ ሰብ ሎግ-ኢን ገይሩ ምስ ኣተወ፡እታ ዝተመልከተት ቅጥዒ ’Väntar ditt godkännande” ዝብል ጽሑፍ




ኣለዋ።ከተጽድቓ ትጽበየካ ኣላ ማለትዩ።

እቲ ሓቢሩ ዘመልክት ዘሎ ሰብ ልክዕ ከምቲ ቀዳማይ ዘመልከተ ሰብ፡ነቲ ዝህቦን ዝተዋህቦን ሓበሬታ ከረጋግጽ ኣለዎ።ማለት እቲ ሓቢሩ ዘመልክት ዘሎ ሰብ መሰላቱን ግቡኣቱን ከም ዝተረድኦን እቲ ዝህቦ ዘሎ ሓበሬታ ኵሉ ቁኑዕ ምኻኑን ንምርግጋጽ **ነተን ሰለስተ ሳጹናት ምልክት ክገብረለን ኣለዎ።**ድሕሪኡ ነታ ’Skicka in” ትብል ይጥውቓ።

እታ ዝተመልከተት ቅጥዒ፡ድሕሪቲ ሓቢሩ ዘመልክት ዘሎ ሰብ ምጽዳቑ፡ምስ ተላእኸት እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ይምልከት:

